# ሰራዊት ኤርትራ ስለምንታይ ብሓደ ኣውራጃ ይምራሕ?

ትብጻሕ ናብ ሰራዊት ኤርትራ፡
ክቡር ሰራዊት ኤርትራ፡
ትብጻሕ ናብ ህዝቢ ኤርትራ፡
ዝኸበርካ ህዝቢ ኤርትራ፡

እዚ ኩሉ ሕሰምን መከራን ኣብ ልዕሊኡን ልዕሊ ህዝቡን እንዳወረደ ስለምንታይ እዩ ሰራዊት ኤርትራ ንለውጢ ዘይብገስ ንዝብል ሕቶ ቡዙሓት ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን መብርሂ ክህቡን ብቁኑዕ ሃገራዊ ወኒ ሓድነትና ኣደልዲልና ዝሓሸ መንገዲ ክንጥምትን፡ ብዘይ ቆልዓለም ነቲ ትልሚ ንዘርኢ ክርዳድ ዝብል ብጉልባቡ ዝዝረበሉ ዘሎ ብወገነይ ብቃልዕ ብሓጺር መረዳእታ ክትንትኖ ክፍትን እየ።

ምልክታ፡

ዝኸበርካ ኣንባብን ተዓዛብን፡
መጀመርታ ክርዳኣለይ ዝደልዮ ግን ኣነ ናይ ዝኾነ ኣውራጃ ጸግዕን ተብላጽን ከምዘይብለይ ከብርህ ይፈቱ።

ሓበሬታን ምስጋናን፡

ስመይ መን ሙኳነይ ዘይምግላጸይ ክዕቀበለይ ስለ ዝደለኹ ካብ ደላይ ለውጢ ማሳዋ(ባጽዕ) ምቅማጠይ ምኳንኩ ግን ንሂወተይ ኣብ ሓደጋ ስለዝወድቕ ስመይ ኣቂበዮ ኣለኹ። ዝኸበርኩም ወብሳይታት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ብወገንኩም ኩሉኩም ውድባት ይኹና ሰልፍታት ከምኡውን ሲቪካዊ ማሕበራት መልእኽተይ ንኽትብጻሓለይ ልዑል ምዝጋነይ የቅርበልኩም።

ኢሰያስ ካብ ግዜ ገድሊ ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ጀጋኑ በለሕቲ ደቂ ሃገር ንምጽናቶም እንዳስርሓሉን እንዳጻረዮምን ዝመጸ ሓደ ዓቢ ዕማም፡ እዚ ሕጂ ዝጻሓፍ ዘሎ ትልሚ ንዘርኢ ከዳድ ዝብልዎ ዘለዉ ደለይቲ ለውጢ ሓደ ኣብነት ሓቂ እዩ።

ኢሰያስ ዊዒሉ ሓዲሩ ብሰራዊት ዕልዋ ኣብ ልዕሊኡ ከም ዝመጽእ ስለ ዝፈልጥ ኣቀዲሙ ካብ ግዜ ገድሊ ኣትሒዙ ዝኣለሞ ዕላማ ኣብ ድሕሪ ናጽነትውን ብሰራዊት ዕልዋ መንግስቲ ንከይመጽእ ካብ ጀነራል ክሳብ ኣዘዝቲ ቦጦሎኒ ዝስርዑ ደቂ ሓደ ከባቢ ከም ዝኮኑን እቲ መንግስቲ ናቶም ኮይኑ ከምዝስሞዖምን ከምዝሕልዉዎን ምግባር እዩ እቲ ዕላማ ዝተሰርሓሉ ውዲት።

ነዚ ንምግባር ካብ ነዊሕ ነቶም ኣብ ስልጣን ዝነበሩ ደቂ ካልእ ኣውራጃታት ብኣዝዩ ስቱር ዝኮነ ሜላ ከምዝሓቁ ምግባር እዩ።

ሽርሒ ኢሰያስ ንምፍላጥ ንህዝቢ ኤርትራ ፍሕት ከይብል ኣሲሮም ሰጥ ለበጥ ኣቢሎም ዝገዝእዎ ዘለዉ ሓለፍቲ ሰበ-ስልጣናት ኣብ ዝርዝር ንእቶ፡

| መዓርግ ጀነራላት፡ | | | |
|---|---|---|---|
| ጀነራል<br>ስብሓት ኤፍሬም | ኣዛዚ ምክልካል ኤርትራ | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| መጀር ጀነራል<br>ተኽላይ ሃብተስላሴ | ኣዛዚ ሓይሊ ኣየርን<br>ማእከል ስልጠናን | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| መጀር ጀነራል (ነቑዝ)<br>ፍሊጶስ ወልደየውሃንስ | ኣዛዚ ዞባ ስርሒት 05 | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| መጀር ጀነራል (ውጬ)<br>ገረዝጊሄርዓንደማርያም | ኣዛዚ ዞባ ስርሒት 04 | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| መጀር ጀነራል<br>ተኽለ ማንጁስ | ኣዛዚ ዞባ ስርሒት 01 | ኣውራጃ | ሓማሴን |

| መዓርግ ብርጋዴር ጀነራላት፡ | | | |
|---|---|---|---|
| ኢዮብ ሓሊባይ | ም/ኣዛዚ ዞባ ስርሒት 03 | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ፍጹም ወ/መምህር | ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ጸሃየ ሞኮነን | ኣዛዚ መካናይዝድ 74 | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ማሓሪ ጸጋይ | ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ<br>ዘሎ | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ሓድሽ ኤፍሬም | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ኣብርሃም ዓፉን | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ገብሪኤለ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ዳኒኤል ጫዓይ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ሚኪኤል ሃንስ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |

| መዓርግ ብርጋዴር ጀነራላት፡ | | | |
|---|---|---|---|
| | | | |
| በርሀ ቦካሳ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ተስፋንኪኤል ወ/ቀሺ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ሚኪኤል ወ/ቀሺ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ግርማይ ወ/ቀሺ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ርእሲ ምራኽ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ቀጫ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ገብሪሂወት ወዲ ቀሺ | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |
| | | | |
| ኣማኒኤል ሓድጉ(ፖሊስ) | ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት | ኣውራጃ | ሓማሴን |

ካልእኦት ኣብ ዝርዝር ዘይዘከርክዎም ሓለፍቲ ክፍለ ሰራዊት ከምዘለዉ ኣረጋግጸ ይፈልጥ ኢየ።

እዞም ኩሎም ጀነራላትን ብርጋዴር ጀነራላትን ካብ ሓማሴን ክኾኑ ዝተገብረሉ ቀንዲ ምክንያት ሓልዮት ንህዝቢ ሓማሴን ዘይኮነ ብስሚዒት ናይ ጸቢብ ኣውራጃነት ንዕድመ ስልጣን ምንዋሕ እዩ እቲ ቀንዲ ዕላማ። ነዞም ዝጠቀስክዎም ሓለፍትን ካልኦት ዘይተጠቀሱን ኣብ ዝላዓለ ሓላፍነትን ተኣፋፊ ቦታታት ከምዝሕዙ ምግባርን ጸቢብ ናይ ኣውራጃነት ሕማም ከምዝህልዎም ምግባርን እዩ እቲ ዕላማ።

ኢሰያስ ንከምስል ካብቶም ቡዙሓት ሓለፍቲ ሰራዊት ዝነበሩ በብቁሩብ ዝወጸኦም ካብተን ኩለን ኣውራጃታት ኤርትራ ብቁጽሪ'ውን ክትጽወዖም ዘሰክፍ ኣትሪፍዎም ኣሎ። ንስም ከማን ዋላ ሓደ ተሰማዕትን ቦታን ዘይብሎም ከም ኣብ ኸሻ ዓተር፡ ፍንጃል ዓይኒዓተር ኢዮም። ካብዛ ፍንጃል ካብ መላእ ኣውራጃ ሃገር ደቀባት ኤርትራውያን ገዲፍካ፡ ንባዓል ሓጎስ ክሻን ኣብርሃ ካሳን ዝኣመሰሉ ካልኦትን ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎም ብትውልዶም ካብ ኢትዮጵያ መበቆሎም ሓዊስካ ሓዋዊስካ ማለት'ዩ።

ነዚ ኩሉ ሰራዊት ክመርሑን ከማሓድሩን ዝኽእሉን ካብ ሰንሒት፡ ሰምሃር፡ ኣከለ-ጉዛይ፡ ሳሕል፡ ሰራየ፡ ደንከል፡ ባርካ፡ ተሳኢኖም'ዶ ይመስለኹም? ነቶም ኢሰያስ ከም ዝዓብዩ ዝገበሮም ደቂ ሓደ ከባቢ ማለት፦ ደቂ ሓማሴን ጥራይ ኢየ ጠቂሰ እምበር፡ ንሶም እውን ንደቂ ኣውራጃኦም ዘዕበይዎም ኣዘዝቲ ብርጋዴር ኣዘዝቲ ቦጦሎኒ ኣዘዝቲ ሓይሊ ከምኡ

እንዳበለ ክሳብ ታሕቲ መን ንሃገር የገድስ ዘይኮነ፣ መን ኣብ ላዕሊ ዘለዎ ሓለፍቲ ደቂ ሓማሴን ምኳና የኹርዖ እዩ እቲ መገምገሚ። ካብዚ ወጻኢ ክዓቢ ዝድለ ወይ ካልእ ካብ ኣውራጃታት የለን።

ነዚ ሜላ'ዚ ኢሰያስ ብሱቱር ሰሪሕሉን ኣሎን። ስለዝኮነ ድማ ገለ ተወለድቲ ኣሕዋትና ደቂ ሓማሴን ዋላ ኣብ ደገ(ኣብ ወጻኢ) ዝነብሩ ኤርትራውያን ልዕሊ ኩሉ ሃገርና ነዖኦም ትብጽሖም ዝመስሎም ውሑዳት ኣይኮኑን። ናይ'ዚ ጨቡጥ ኣብነት ሓደ ሓቂ ክነግረኩም፦
ኣብ 2002 ዓ.ም. ካብ ኣዘዝቲ ቦጦሎኒታት ናብ ኣዘዝቲ ብርጋዴር ከም ሕጹያት ዝተቐርቡ ሽዱሽተ(6) ኣዘዝቲ ቦጦሎኒ ብሜጀር ጀነራል ገሬስጊሄር(ውጬ) ናብ ኢሰያስን ስብሓትን ዝቐረበት ጸብጻብ ሓሙሽተ(5) ካብ ሓማሴን(ደቂ ካርነሽም) ክኮኑ ከለዉ ሓደ ኢድሪስ ዝባሃል ወዲ ሳሕል ይርከብዎም።

ሰብ መስተ ምስ ሰተየ ናይ ልቡ'ዩ ከም ዝላፋለፍ ዘብርሃልካ ብኹቱር ወገንነት ዝዓብለሎም ኣብ ገለ እዋናት ብዓል ውጬን ዓፋንን ብኣልኮላዊ መስተ ምስ ተሰነፉ ሓማ በል፣ ሓማ ሰባር ቦሮኮዳ ክብሉ ዘይሰምዐ ሰብ ኣብ ፎቖዶ ናይት ክለብ ኣሎ ድዩ።

እዚ ስለዝኮነ ኩሎም ኣዘዝቲ ሰራዊት ዝወርድ ደሎ ኣደራዕ ኣብ ህዝቢ ከይገደሾም እዚ ንስርዓት ዝያዳ ንዓና ኢዩ ዝብጻሓና እንዳበሉ ንሰራዊት ገለ ነገር ከይገብር ብኣዝዩም ናይ እዝኒ ዝተዋፈሩ ንሶምውን ደቂ ሓማሴን ጌሩ ይከታተሎ ኣሎን ዝተበገሰ ኣብ ምጭፍላቐን ኢዮም ተጻሚዶም ዘለዉ።

ሓደ ካብቶም ህዝቢ ንለውጢ ንምምጻእ ዝካየድ ዘሎ ብህዝባዊ ማዕበል ዝናወጻሉ ዘለዋ ሃገራት ከባቢናን ናይ ማእከላይ ምብራቕን ኩነታት ናይ ተስፋ ዘመን እናሃለወ፣ ህዝቢ ኣንጻር እቶም ውልቀ-ምልካውያን ክለዓዓል እንከሎ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ግን ኣንጻር ናይዚ ካብ ሙሉእ ዓለም ዝጨከነ መራሒ ጉጅለ ኢሰያስ ብሕገ ዲያብሎሳዊ ዝምራሕ ስርዓት ህግደፍ ዘገት ድምጺ ኤርትራዊያን ዘይምስማዑ ንሰራዊትን ህዝቢ ኤርትራ ንከይላዓል ኣሲሩ ሒዝዎ ዘሎን፣ እቶም ብጃካ ኢሰያስ ካልእሰብ ሓቀኛ ሰብ የለን በሃልትን፣ እዚ ኣቀዲመ ዝገለጽክዎ ንኩሎም ኣዘዝቲ ደቂ ሓደ ኣውራጃ ምግባር መሰረት ኢዩ። ስለ'ዚ ኩሉ ሽርሒ ኢሰያስ ፈሊጥና ሓድነትና ኣደልዲልና ንብገሰሉ እዋን ሕጂ ኢዩ። ሃየ ንበገስ እዋናዊ መድረኽ ኢጽዋዓና ኣሎ። ሓድነት ብማዕረ መሰል ዜጋታት ስለ ዝራጋገጽ።

ካብ ደላይ ለውጢ ማሳዋ(ባጽዕ)
2011-03-03